ቤት ፅሕፈት ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ን2011 በጀት ዓመት ግልጋሎት ዝውዕል ዝተፈላለዩ ናይ ፈርኒቸር፣ ኤሌክትሮኒክስ፣ ደንቢ ክዳን ፣ ናይ ፅሬት ኣቕሑት፣ ንፅሕፈት መሳርሒ ኣቕሑትን ካብ ሕጋውያን መቅረብቲ በቲ ዘርፊ ካብ ዝተመዝገቡ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ታሕሳስ 18, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 24, 2011 8:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:30.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 25, 2011 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ጨርቃ መርቂን ኣልባሳትን/

1 ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎን ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድ ዘቅርብን ብመምርሒ ሕደሳ ናይ ምሕዳስ ግዚኡ ዘይሓለፎን ዘሓደሰን ሙሉእ ገፅ ኮፒ መረዳእታ ኣተሓሒዙ ዘቅርብ፤

2 ናይ ግብሪ ከፋሊ መለለይ ቁፀሪ ቲን ናምበር ዘለዎ፣ ኣብ መቅረብቲ ዝርዝር ዝተመዝገበን ሙሉእ ገፅ ኮፒ መረዳእታ ኣተሓሒዙ ዘቅርብ፤

3 ናይ ጨረታ መኽበሪ ናይ ቢድ ቦንድ 5000.00 ሽሕ ብሽም ቤት ፅሕፈት ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ብዝተረጋገፀ ሲፒኦ ኣብ ጨረታ ዝኽፈተሉ ዕለት ከትሕዝ ኣለዎ።

4 ዋጋ ዝመልኣሉ ናይ ጨረታ ሰነድ ብቤት ፅሕፈትና ብዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ጥራሕ እዩ።

5 ዋጋ ዝመልኣሉ ናይ ጨረታ ሰነድ ካብ ቤት ፅሕፈት ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዕ/ፋ/ምም/ር ንሕድሕድ ዘይምለስ ብር 30.00 (ሰላሳ) ጥራሕ ብምክፋል ካብ ዕለት 09/04/2011ዓ/ም ክሳብ 24/04/2011 ዓ/ም ኩሉግዜ ኣብ ስራሕ ሰዓት ምውሳድ ይከኣል።

6 ሰነድ ጨረታ ተመሊኡ ብፖስታ ተዓሺጉ ንዕኡ ተባሂሉ ኣብ ዕ/ፋይ/ን/ምም/ር ቢሮ ቁፀሪ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ክሳብ ዕለት 24/04/2011ዓ/ም ሰዓት 8:30 ድ/ሰዓት ዘእትው፤

7 እቲ ሰነድ ጨረታ ዕለት 24/04/2011 ዓ/ም ሰዓት 8:30 ድ/ሰዓት ተዓሺጉ በቲ ዕለት በዓል ዋና ወይ ሕጋዊ ወኪል ኣብ ዘለውሉ ልክዕ ሰዓት 9:00 ይኽፈት። መቅረብቲ ብናይ ባዕሎም ድልየት ተዘይተረኺቦም እቲ ቤት ፅሕፈት ጨረታ ፖስታ ንምኽፋት መሰሉ ዝተሓለወ እዩ። ብተመሳሳሊ ናይ ጨረታ ዶክሜንት ኦርጂናልን ፎቶ ኮፒን ነኒበይኑ ክቀርብ ኣለዎ።

8 ኣብዚ ጨረታ ዝሳተፍ ተወዳዳራይ ናይ ቫት ተመዝጋቢ ዝኾነን ክሳብ ታህሳስ/2011 ዓ/ም ዲክለር ዝገበርሉ መረዳእታ ዘቅርብ፤

9 ተጫረቲ ንዝሰዓሩዎ ዓይነት ንብረት ብናይ ባዕሎም መፅዐኒን መራገፊን መጓዓዓዚን ናብ ቤት ፅሕፈትና ብውዕሎም መሰረት ኣታዊ ዝገብሩ፤

10 ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ገዜ ጨረታ ካብ ዝተኽፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ን25 መዓልቲ ጥራሕ እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 ቤት ፅሕፈትና ዝሓሸ ኣማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብኽፋል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

12 ቤት ፅሕፈትነና ሰዓራይ ኣብ ዝመረፀሉ እዋን ካብቲ መጀመሪያ ንክግዛእ ዝወፀ በዝሒ ኣቕሓ ዋጋ ክሳብ 20% ካብ ነብሲ ወከፍ ነፀላ ኣቕሓ ናይ ምቕናስ ወይ ምውሳኽ መሰሉ ሕሉው ከምዝኾነ፤

13 ነቲ ዝተጫረቶ ንብረት ሙሉእ ውሕስና ክህብ ዝኽእል፤

ንተወሳኺ ሓበሬታ 0344-406590 ምድዋል ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle